መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ. ንኽግበረልካ ቅድም ቀዳድም ክትሓትትን ክትሰማማዕን ይግባእ። ንኽልእ ጉዳያት ንኽምርመር ዝተዋህበ ደም፣ ናይ ኤች.ኣይ.ቪ. መርመራ ኣይካየደሉን ኢዩ። ብዘይፍቓድ ተመርማሪ መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ. ክካየድ ዘይሕጋዊ ስለ ዝኾነ። ምልክት ናይ ጸረ

ህዋሳት ኤች.ኣይ.ቪ. ኣብ ደም ብኢጋ ስለዘይራኣዩ፣ ንጭቡጥ ውጽኢት ናይ ዝካየድ መርመራ ካብታ ናይ ምልካፍ ተባሂሉ እትጥርጠረላ ዕለት ክሳዕ ኣስታት ሰለስተ ኣዋርሕ ጸኒሑ እቲ መርመራ ክካየድ ኣለዎ።





## መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ. ንኽገብር ምስ ዝውስን ንባዓል ቤተይ ወይ መጻምደይ እንታይ ይብሎም ?

ብዛዕባ መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ. ንምክያድ ምድላይካ/ኪ ንመጻመዲ ክትገልጽ ኣጸጋሚ ኢዩ። ንመጻመዲ ዘይምእማንን፣ ወይውን ምስ ካልእ ዚይሕጋዊ ሲጋዊ ርክብ ከምዝፈጸምካ/ኪ ስለዘመልክት፣ ጸገማት ክኸትል ይኽእል ኢዩ። ይኹን ድኣ እምበር እቲ መርመራ መንነት ብምስታር ክካየድ ስለዝከኣልን፣ ውጽኢቱ ድማ ብፉሉይ ንተመርማሪ ጥራይ ስለዝሕበርን፣ ንመጻመዲ መዓስን ብኸመይን ከምእትሕብር ንምውሳን ይጠቅም።

ንጉዳይ እዚ ኣርእስቲ ንመጻመዲ ብኸመይ ከምእተልዕለሉ/ላ ንምሕሳብ ኩሉ'ቲ ዘድሊ ግዜ ምውሳድ፣ ቅድሚ እዚ ጉዳይ ምስ መጻምዲ ምዝራብ ድማ ምስ ናይ ቀረባ ማሓዛ/ዓርኪ ክትዛራረብሉ ዝምረጽ ክኸውን ይኽእል፣ ወይ ድማ ንኹለን ኑብስ ጸራት ዝውፈ መርመራ ከምዝኾነ ንመጻምድኻ ብመገዲ ሓኪም ክግለጸሉ ይካኣል።



## ወረቓቀቲ ኤሚግረበን ንምርካብ መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ. ምግባር የድሊ

ከም ኣካል ናይቲ ሓፈሻዊ ሕክምናዊ መርመራ፣ ናይ ኤች.ኣይ.ቪ. እውን ንኽካየድ ክሕተት ይካኣል ኢዩ፣ ምእባይ ናይዚ ዓይነት መርመራ ንምክያድ ድማ ንውጽኢት ናይቲ ሕክምናዊ መርመራ ኀደሎ ስለዝገብሮ፣ ጉዳይኪ/ካ ክተዓናቕፍ ይኽእል። ውጽኢት እቲ መርመራ ንህላወ ኤች.ኣይ.ቪ. ባኣምንታ ምስ ዘመልክት እውን ወረቐትኪ/ካ ዉዱቕ ስለዝኸውን፣ ቅድሚ እቲ ሕክምናዊ መርመራ ምክያድ፣ ንጠበቓ ምውካስን ኩሉ ዝህሉ ኣማራጺታት ኣቐዲምካ ምፍላጥን ዝምረጽ እዩ።





## ብኤች.ኣይ.ቪ. ምልክፈይ ምስ ዘረጋግጽ ክ ?

ብኤች.ኣይ.ቪ. ዝተለኽፉ ደቂ ኣንስትዮ ዝኾነ ናይ ሕማም ምልክት ከየርኣያ ንብዙሕ ዓመታት ምስ ጥዕንኤን ክነብራ ይኽእላ ኢየን። ብኤች.ኣይ.ቪ. ከምዝተለኽፍኪ ኣረጋጊጽኪ ምፍላጥ፣ ኣብ ጉዕዞ ሂወትኪ ጥዕናኺ ንምሕላዉ ክውሰዱ ብዛዕባ ዘለዎም ውሳኔታትን ምርጫታትን ንምፍላጥ ይጠቅም። ናይ ስንባደን ምድንጋራትን ስምዒት ክዕብልለኪ ይኽእል ይኸውን፣ ኮይኑ ግን ምስ ተሓጋጋዚ ሰራሕተኛ ወይ ምስ ኣማኻሪ ምዝታይ ሓጋዚ ኢዩ።

# ሕዝባዊ ኣገልግሎት ትካል

## መንነትካ ሰቲርካ መርመራ ካብ

| | |
|---|---|
| Hassle Free Clinic* | 416-922-0566 |
| Centre Medico Social Comunautaire* | 416-922-2672 |
| Immigrant Women's Health Centre* | 416-323-9986 |
| Planned Parenthood Toronto* | 416-961-0113 |

(*Anonymous testing sites)

## ሕጋዊ ጉዳይ ዝምልከት ፡

| | |
|---|---|
| HIV AIDS Legal Clinic of Ontario | 416-340-7790 |

## ኣድላያይ ዝኾነ ረድኤት ፡

| | |
|---|---|
| African Community Health Services | 416-591-7600 |
| Africans in Partnership Against AIDS | 416-924-5256 |
| AIDS Committee of Toronto | 416-340-2437 |
| Black Coalition for AIDS Prevention | 416-977-9955 |
| Centre for Spanish Speaking Peoples | 416-925-2800 |
| St. Stephens Community House | 416-926-8221 |
| Voices of Positive Women | 416-324-8703 |
| Women's Health in Women Hands | 416-593-7655 |

Funded by the City of Toronto and the ACT Community Partners Fund •
Published 06.2003





Women's Outreach Network

# ደቂ ኣንስትዮ



ነፍስና ንከናከን



## ኤች.አይ.ቪ እንታይ እዩ ?

ኣይድስ (AIDS) ኤች.ኣይ.ቪ (HIV) ተባሂሉ ብዝፍለጥ ቫይረስ ዝብገስ ዓይነት ሕማም ኢዩ። ኤች.ኣይ.ቪ ንናይ ወዲ ሰብ ባህርያዊ ውሽጣዊ ዓቕሚ ምክልኻል ሕማም ድሕሪ ምድኻም፣ ኣማህሚኑ ዝቐዝፍ ቫይረስ ኮይኑ ኣሕጽሮት ናይቲ ብቛንቋ እንግሊዝ Human Immunodeficiency Virus ዝብል ኢዩ።

## ኤች.ኣይ.ቪ ብርግጽ ንደቂ ኣንስትዮ ከጥቅዐን ይኽእል ድዩ?

ዳርጋ ፍርቂ ዓቕን ናይቶም ኣብ መላእ ዓለም ኤች.ኣይ.ቪ ዝተለኽፉ ሰባት ደቂ ኣንስትዮ እየን። የግዳስ ንባዕለን ወይ ውላደን ክሳብ ዝሓሙ ክይፈለጥኦ እየን ጸኒሔን። ኤች.ኣይ.ቪ (ኣይድስ)፣ ኣብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ንዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ዘጥቅዕ ሕማም እኳ ይኹን እምበር፣ ኣብ መብዛሕትኡ ሰብ ከም ኣነዋሪ ነገር ዝፈጸምካ ስለ ዝቑጸር፣ ኤች.ኣይ.ቪ ተለኺፈ ኢልካ ብጋህዲ ንኸትዛረበሉ ኣጸጋሚ ስለዝኾነ ብስቱር ክጸንሕ ይኽእል።

ገሌና ምስ ሓደ/ሓንቲ ጥራይ ሲጋዊ ርክብ ስለዝፈጸምና ካብቲ ሕማም ነጻ ዝኾንና ክመስለና ይኽእል! ገሌና ግብረ ሶዶም ንዝፍጽሙ ጥራይ ዝለክፍ ክመስለና ይኽእል! እቲ ዘገድስ ግን መን ምኳንካ ወይ መጻምድኻ መን ምኳኑ ዘይኮነስ፣ እቲ እትፍጽሞ ተግባር ኢዩ ።

## ደቂ ኣንስትዮ ብኸመይ እዮን ብኤች.ኣይ.ቪ ዝልከፋ

ሰባት ብኤች.ኣይ.ቪ ዝልከፍሉ ዝውትራት ኣገባባት፣

- ብዘይ ኮንዶም ሲጋዊ ርክብ ምፍጻም - ብርሕሚ ይኹን ማሃንቱስ።
- ዝተጠቐምሉ መርፍእ ደጊምካ መድሃኒት ንምውሳድ፣ ንምውቃጥ፣ ወይ ንምስቃር ምስ እትጥቀመሉ።
- ኣብ ነብሰ ጾራት ድማ፣ ኣብ ግዜ ጥንሲ፣ ጻዕሪ ሕርሲ ወይ ምጥባው፣ እቲ ቫይረስ ናብቲ ዕሸል ክመሓላለፍ ይኽእል።
- ናይ ደም መቓምምቲ ኣብ ዝርከቦም መድሃኒታት ወይ ዝተለገሰ ደም ምጥቃም። ኣብ ካናዳ ኩሉ ዝተለገሰ ደም ብኤች.ኣይ.ቪ ዝተበከለ ንኽይከውን ግቡእ መርመራ ዝግበረሉ እኳ እንተኾነ፣ ኣብ ብዙሓት ካልኦት ሃገራት እቲ መርመራ ኣይካየድን እዩ።



ኤች.ኣይ.ቪ ቫይረስ ብመንከስቲ ማንጡ፣ ምስዕዓም፣ ኩባያ ወይ ብያቲ ብሓባር ብምጥቃም ወይ'ውን ብኤች.ኣይ.ቪ ንዝተለኽፈ ሰብ ብምንባይ (ብምክንኻን) ብቕሊሉ ዝመሓላለፍ ኣይኮነን።

## ብኤች.ኣይ.ቪ ክምዝተታሓዝካ ብኸመይ ይፍለጥ ?

ብኤች.ኣይ.ቪ ክምዝተታሓዝኪ/ዘይተታሓዝኪ ንምርግጋጽ እትጥቀምላ እንኮ ኣገባብ፣ ናይ ደም መርመራ ብምክያድ ጥራይ እዩ። በቲ ቫይረስ ዝተለኽፉ፣ ሕማም ከይተሰምዖን ንብዙሕ ዓመታት ክነብራ ይኽእላ እየን።



## እቲ መርመራ ንኽወስድ የሻቕለኒ ኢዩ፣ እንታይ ምግባር ይሕሸኒ ?

ንኤች.ኣይ.ቪ መርመራ ምግባር ዓቢ ውሳኔ ዝሓትት እዩ። ቅድሚ ኑቲ መርመራ ምውሳድ ንኣማኻሪ ምውካስን፣ ኑቲ ዝሓሸ መርመራ ክትወስደሉ ዝምረጽ እዋን ንምውሳን ይሕግዝ። መርመራ ኣብ ትወስደሉን ውጽኢቱ ኣብ እትሰምዓሉን ግዜ ድማ ዓርኪ ወይ ተሓጋጋዚ ሓቢሩኻ ክህሉ የድሊ ይኸውን እዩ።

## ነብሰ ጾር ኮይነ መርመራ ኤች.ኣይ.ቪ ክወስድ ኣሎኒ ዶ ?

ብኤች.ኣይ.ቪ ካብ ዝተለኽፉ ነብሰ ጾራት እቲ ቫይረስ ናብቲ ዕሸል ናይ ምምሕልላፍ ዝህልዎ ተኽእሎ 25% እዩ። ነዚ ናይ ምምሕልላፍ ሓደጋ ዘሕትቱ መድሃኒታት ኣለዉ፣ ኮይኑ ግን እቲ ዝምልከቶ ሓኪም ኣብ ለዕሊ ነብስኺ ወይ እቲ ዕሸል ክስዕቦ ንዝኽእል ጠቕሙን ጉድኣቱን ኣነጺሩ ኣብ ዝህበኪ መግለጺ ተመርኲስኪ ንዝሓሸ ኣማራጺ ምውሳንን ስጉምቲ ምውሳድን ዘድልዮ ኢዩ።





## እቲ መርመራ ብሓኪመይ ድዩ ወይስ ኣብ ሆስፒታል ዝግበር ?

ሰለስተ ዓይነት ኣገባብ ኣመራምራታት ኣለዉ፣

- **መንነትካ ሰቲርካ መርመራ :-** ብፉሉይ ኣብ ዝተወሰነ ክሊንካት ጥራይ ብቕጻሪ ዝካየድ ኢዩ። ተመርማሪ ጥራይ ዝፈልጣ ሓንቲ መለለዪ ኮድ ዝተዋህቦ ደም ናይ መመርመሪ ላቦራቶሪ ይላኣኽ፣ ውጽኢት ናይቲ መርመራ ድማ እቲ ባዓል ጉዳይ ማለት እቲ ተመርማሪ ጥራይ ኢዩ ዝፈልጥ። እዚ ዓይነት መርመራ ሀሓኪምካ ዝካየድ ኣይኮነን።
- **ስም ሰቲርካ መርመራ :-** እዚ ኣገባብብሓኪምካ ዝካየድ ኮይኑ፣ ዝምልከቶ ሓኪምን ተመርማርን ጥራይ ዝፈልጥዎ መለለዪ ኮድ ተዋሂቡ፣ ደም ንብ ላቦራቶሪ ይላኣኽ፣ ውጺኢት መርመራ ድማ ንተመርማሪ ድሕሪ ምሕባር፣ ኣብ መዝገብ ታሪኽ ሕክምንኡ ከምዝሰፍር ተገይሩ፣ ብጸብጻብ ንክፍሊ ሓለዋ ህዝባዊ ጥዕና ይሕብር።
- **መንነት ብምንጻር መርመራ :-** እዚ ዓይነት ኣውን ብሓኪምካ ዝካየድ ኮይኑ፣ መንነት ናይ ተመርማሪ ብንጹር ዝተመልከቶ ደም ናብ ላቦራቶሪ ይላኣኽ፣ እቲ ውጺእት ናይ መርመራ ድማ ናብ ሓለዋ ህዝባዊ ጥዕና ይላኣኽን ኣብ መዝገብ ሕክምና ተመርማሪ ይስፍርን፣ ውጽኢቱ ኣዎንታዊ ምስ ዝኸዉን፣ ዝምልከቶ ክፍሊ ሓለዋ ህዝባዊ ጥዕና ንተመርማሪ ጸዊዑ ንዝያዳ ሓበሬታ ክዘራርብ ይኽእል።

